*** ንሻነይ ***

ንሻነይ ኢልዋ ልዕሊ እታ ህይወቱ፣
ሚእቲ ዓመት ኰይኑ ደሙ ተጓሪቱ፣
ኣዕጽምቱ ኽኽስክስ ኣብ ሓዊ ተነቐ‐ቱ፣
መን ነይርዎ እዚ ህዝቢ ብዘይካ ጽንዓቱ፡፡

ፍትሒ ኣብ ኢድ ሓያላን ምስ ተጓዕጸጸ፣
መሰሉ ተገፊፉ፣ ሃገር ብባዕዳውያን ክትምጸ፣
ግፍዒ መሪርዎ፣ ልቡ ብጓሂ ምስ ቀበጸ፣
ቀዳማይ ጥይቱ፣ ኣብ ኣዳል ኣዳመጸ፡፡

ዝደመየ ወለዶ ሓሊፉ፣ ዝደሚ ወለዶ ከርክብ፣
ኣብ ጸልማት ሰዓት ስኒ ናኺሱ ብተስፋ ክዓግብ፣
ውረስ ተወራረስ ክብል፣ እታ ሕድሪ ከረክብ፣
ብዘይካ መትክሉ መን ነይርዎ ተስፋ ዝህብ፡፡

ልዕሊ ህይወት፣ ልዕሊ ብሌን ዓይኒ፣
ልዕሊ ውልቀ-ሕልሚ፣ ዘጋለበ ወኒ፣
ንሻነይ ኢልዋ ነታ ሓረግ ወይኒ፣
ንዓኺ ናጽነት ኣልቢሰ ሞት ትሕሸኒ፡፡

ሚእቲ ዓመት መሪሑ፣ ከላሽን ዓቲሩ፣
ብመትከል ጸኒዑ፣ ብሓያል ኒሕ ኣኽሪሩ፣
ሃገር ኣረኪቡ ጅግና ኣብ መቓብር ሰፊሩ፣
ኣብ ኣዳራሽ ዕስራ ሰነ መኣዲ ተጋፊሩ፡፡

እቲ መሪር መስዋእቲ፣ ዓለም ኣዛሪቡ፣
ኣቦን ወድን ከም መሳጉምቲ ክደራረቡ፣
እታ መርዓት ጋመ ምስ ማንጁስ ከርክቡ፣
ኣብ ድግስ ዕስራ ሰነ ኣስማቶም ኣዝጊቡ፡፡

ዘለኣለማዊ ዘኽሪ ንስውኣት ኤርትራ!